Tigrinja / ትግርኛ

# ምድማጽ

ሰንበት 26 ግንቦት 2019
ምርጫ ባይቶ ኤውሮጳ ኪካየድ’ዩ።

Val 26 maj 2019
EUROPAPARLAMENTET

## መን’ዩ ኬድምጽ ዚፍቀዶ፧

ሽወደናዊ ዜግነት እንተሎካን ኣብ ሽወደን ከም ተቐማጢ ምዝጉብ እንተ ኾይንካን መሰል ድምጺ ኣሎካ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ገለ ካብተን ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾና ሃገራት ዜጋ ኮይንካ ኣብ ሽወደን ከም ተቐማጢ ምዝጉብ እንተ ኾይንካ፡ እሞ ኣብ መዝገብ ኣድመጽቲ ክትምዝገብ ኣመልኪትካ እንተ ኔርካ’ውን መሰል ድምጺ ኣሎካ። እንተ ደንጎየ ኣብ ዕለተ ምርጫ ድሮ 18 ዓመት ዝመላእካ ክትከውን ኣለካ።

## መሰል ድምጺ ዘሎዎ መድመጺ ካርድ ይመጾ




እቲ ኬድምጽ መሰል ዘሎዎ ውልቀሰብ፡ ዕለተ ምርጫ ኪኣቱ ሰለስተ ሰሙን ኪተርፎ ከሎ መድመጺ ካርድ ንገዛ ይመጾ። ኣብዚ መድመጺ ካርድ ስም፡ ኣድራሻን ክፉታት ሰዓታት ኣዳራሽ ምርጫን ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብዚ መድመጺ ካርድ ብእዋኑ ኣቐዲምካ ድምጽኻ እተእትወሎም ኣዳራሻት ምርጫ’ውን ብተወሳኺ ተጠቒሶም ኣለው። መድመጺ ካርድ ገና ዘይሓዝካ እንተ ኾይንካ፡ ካብቲ ኮሙን ወይ ካብ ወኪል መረጻ ሽወደን (Valmyndigheten) ሓድሽ ክትእዝዝ ትኽእል ኢኻ።

## ድምጽኻ እትህበሉ ቄጽሊ ወረቐት

ድምጽኻ እተውድቐሉ ቄጽሊ ወረቐት ኣብ ኵሉ መድመጺ ቦታታትን ኣብተን ዚምረጻ ሰልፍታትን ኣሎ።

### ንሓንቲ ሰልፊ ድምጽኻ ምሃብ

ቅድም ቀዳድም ንሓንቲ ሰልፊ ኢኻ ድምጽኻ ትህብ። ስም’ታ ሰልፊ ኣብ መድመጺ ቄጽሊ ወረቐት ተጻሒፉ’ሎ። ቄጽሊ ወረቐት ናይ’ታ እትደልያ ሰልፊ እንተ ዘይረኺብካዮ፡ ኣብ ምንም ዘይተጻሕፎ መድመጺ ቄጽሊ ወረቐት ስም ናይታ ንስኻ እትደልያ ሰልፊ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ። ኣነጺርካ ጽሓፍ።

### ንውልቀሰባት ድምጽኻ ምሃብ

ካብ ሕጹያት ሓንቲ ሰልፊ፡ ሓደ ፍሉይ ሰብ ኪምረጽ ድላይካ እንተ ኾይኑ፡ ኣብቲ መድመጺ ቄጽሊ ወረቐት ኣብ ቅድሚ ስም ናይቲ ሕጹይ ዘሎ መመልከቲ ሳጹን ምልክት መስቀል ጌርካ ተመልክት። ንሓደ ሕጹይ ጥራይ ኢኻ ብምልክት መስቀል ኣመልኪትካ ድምጽኻ ክትህቦ እትኽእል። ምንም ጽሑፍ ኣብ ዘይብሉ ባዶ መድመጺ ቄጽሊ ወረቐት ስም ሕጹይን ስም ሰልፍን ጽሒፍካ’ውን ንሓደ ውልቀሰብ ድምጽኻ ክትህብ ትኽእል ኢኻ።

## ምድማጽ

### ኣብ ዕለተ ምርጫ 26 ግንቦት ኣብቲ ዝተመደበልካ ኣዳራሽ ምርጫ ምድማጽ

ኣብቲ ዝተዋህበካ መድመጺ ካርድ ተጠቒሱ ዘሎ ኣዳራሽ ምርጫ ጥራይ ኢኻ ከተድምጽ ትኽእል። እቲ ኣዳራሽ ምርጫ ኣብ ዕለተ ምርጫ ጥራይ’ዩ ዚኽፈት። ኣብቲ ዝተመደበልካ ኣዳራሽ ምርጫ ከተድምጽ ከለኻ፡ ኣብ መዝገብ ምርጫ ዘሎ ስምካ ተራእዩ ከም ዘድመጽካ ይምዝገብ፤ ድምጽኻ ከኣ ኣብ ሳንዱቕ መረጻ ይኣቱ።

### ኣብ እትቕመጠሉ ወይ ኣብ ካልእ ኮሙን ቅድሚ ግዜ ምድማጽ

ኣብ መላእ ሃገር ዚርከብ መድመጺ ኣዳራሽ ቅድሚ ግዜ ኬድካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። እቲ ብእዋኑ ዚግበር ምድማጽ ኣስታት ሰለስተ ሰሙን ኣቐዲሙ ይጅምር፤ ክሳዕ ዕለተ ምርጫ ከኣ ይቕጽል። ኣበየኖት ቦታታት ብእዋኑ ከም ተድምጽ ዚነግር ሓበሬታ ኣብ እትቕመጠሉ ኮሙን ወይ ኣብ www.val.se ትረኽቦ። ቅድሚ ግዜ ከተድምጽ ከለኻ መድመጺ ካርድኻ ግድን ምሳኻ ተማልኣዮ።

Valmyndigheten

### ኣብ ወጻኢ ሃገር ኮይንካ ምድማጽ

ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተለኻ፡ ብደብዳበ ወይ ኣብ ናይ ሽወደን ሓያለ ኤምባስታትን ኣብያተ ጽሕፈት ቆንስልን ብምኻድ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ብደብዳበ ንምድማጽ፡ ካብ ወኪል መረጻ ሽወደን፡ ካብ ኮሙናት፡ ካብ ኤምባስታትን ኣብያተ ጽሕፈት ቆንስልን እትእዝዞ ፍሉይ መጋበርያ ግድን ክትጥቀም ኣለካ።

## ከተድምጽ ዚወሃቡ ሓገዛት

### ብወኪል ምድማጽ

ብምኽንያት ሕማም፡ ብምኽንያት ንኩይ ዓቕሚ ኣካል ወይ ዕድመ ብምድፋእካ ናብ መድመጺ ኣዳራሽ ክትከይድ ዘይትኽእል እንተ ኾይንካ፡ ኣምሰይኡ ብወኪል ወይ ብልኡኽ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ወይ ኣብ ቀይዲ ኣቲኻ እንተለኻ’ውን ከምኡ። ብወኪል ከተድምጽ ካብ ኮሙናት ወይ ካብ ወኪል መረጻ ሽወደን እትእዝዞ ፍሉይ መጋበርያ ምጥቃም የድልየካ።

እዞም ዚስዕቡ ከም ወኪላት ወይ ልኡኻት ኬገልግሉ ይኽእሉ፡-

- ብዓል ቤት፡ ብዓልቲ ቤት ወይ መናብርቲ
- ደቂ፡ ደቅደቂ፡ ወለዲ ወይ ኣሕዋት ብዓል ቤት፡ ብዓልቲ ቤት ወይ መናብርቲ
- እቶም ብሞያኦም ዚከናኸኑኻ ወይ ኣብ መዓልታዊ ጉዳይካ ዚሕግዙኻ
- ኣብ ቦታታት ቀይዲ ወይ ኣብያተ ማእሰርቲ ዚሰርሑ

ወኪል ወይ ልኡኽ እንተ ወሓደ 18 ዓመት ዝመልአ ኮይኑ፡ ወረቐት መንነት ኬርኢ ኪኽእል ኣለዎ።

### እናኹለለ ድምጺ ዚእክብ ተሓጋጋዚ

ከተድምጽ ከም ወኪል ወይ ልኡኽ ኮይኑ ዚሕግዘካ ሰብ ዘይትፈልጥ እንተ ኾይንካ፡ እቲ እትቕመጠሉ ኮሙን ድምጽኻ ዚቕበል ተሓጋጋዚ መዚዙ ናብ ገዛኻ ኪሰድደልካ ይኽእል’ዩ። ብዛዕባ’ዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ምስ ኮሙንካ ርክብ ግበር።

### መንነትካ ምምስካር ግድን የድሊ

ከተድምጽ ግድን መንነትካ ከተመስክር ኣለካ። እቶም ተቐበልቲ ድምጺ ዘይፈልጡኻ እንተ ኾይኖም፡ ግድን መንነትካ ዘረጋግጽ ወረቐት ንኣብነት ከም መምርሒ ፍቓድ ወይ ፓስፖርት መሳሊ ከተርኢ ኣለካ። ወረቐት መንነት እንተ ዘይሓዝካ፡ ካልእ ሰብ ንመንነትካ ኪምስክረልካ ይኽእል’ዩ፤ ነዚ ንምግባር ግን፡ እቲ ሰብ ናቱ ወረቐት መንነት ኬርኢ ኣለዎ።

## ንምርጫ ኤውሮጳዊ ሕብረት 2019 ዚምልከቱ ዕለታት

| | |
|---|---|
| **11** ሚያዝያ | እቲ ካብ ወጻኢ ሃገር ብደብዳበ እተድምጸሉ ዝቐደመ ዕለት |
| **26** ሚያዝያ | ብመሰረት’ቲ ኣብ ስካተቨርከት ዚርከብ ሓበሬታ መዝገብ ተቐማጦ መሰል ድምጽኻ ዚውሰነሉ ዕለት |
| **2** ግንቦት | ኣብ ወጻኢ ሃገር ዚርከባ ኤምባስታትን ኣብያተ ጽሕፈት ቆንስላት ሽወደንን ንምድማጽ ዝቐደመ ዕለት |
| **8** ግንቦት | ቅድሚ ግዜ ዚግበር ምድማጽ ኣብ ሽወደን ዚጅምረሉ ዕለት |
| **26** ግንቦት | መዓልቲ ምርጫ |



Valmyndigheten 713a38 utg 7